# ከይትስሕቱ ተጠንቀቑ

ከይትስሕቱ ተጠንቀቑ ብዙኃት እነ እየ እቲ ዘመን ከአ ቀሪቡ እዩ እናበሉ ብስመይ ኪመጹ እዮም እሞ አይትስዓብዎም (ሉቃ 21፡ 8)።

ሰብ ተጋጋያይ ወዳቓይ አብቲ ክኾኖ ዘለዎ ጸኒዑ ስለ ዘይርከብ ኩሉ ጊዜ ክጥንቀቕ ክዝክር ከስተውዕል ከመሎኹ ዝጉዓዞ ዘሎኹ ሕይወት ከመሎ አብ ጽቡቕዶ አብ ክፉእ እጉዓዝ አሎኹ ኢሉ ንርእሱ ክሓትት ይግብኦ። ዕለት ዕለት ጉዕዞ ሕይወቱ ክርኢ እንተ ዘይክአለ ዓቢ ውድቀት ኸጋጥሞ ይኽእል እዩ፥ ስለዚ ምጥንቃቕ ምርአይ የድልዮ። እቲ ዝኸበደ ነቲ ጸገም ክትርእዮ ዘይትኽእል ብዝርአ ድሓን ዝመስል ግን አብ ጸገም ዘውርድ ክንጥንቀቐሉ ይግባእ። ፈታዊ መሲሉ አብ ጸልማት ዝወስድ ብዙሕ እዩ እሞ ምጥንቃቕ ዝመስልዎ የለን።

አብ ምጥንቃቕ ብፍሉይ አብነት ክኾኑና ዝኽእሉ ወተሃደራት እዮም፥ ከም ወተሃደር ዝጥንቀቕ የለን፥ ኩሉ ጊዜ ዋርድያ ለይትን መዓልትን ይገብሩ ይፍትሹ ብርሑቕ መን ይመጽእ አሎ ኢሎም ይርእዩ፥ ዘመናዊ ተክነሎጂ ተጠቒሞም ርአይቲ ካመራ ይጥቀሙ፥ ብባይናኮላስ ብርሑቕ ይከታተሉ፥ ድቃስ የብሎም ኩሉ ጊዜ ተጊሆም ይሕልዉ። አብ መዓስከራቶም ጉዳጉዲ ድፍዓት መከላኸሊ ጽኑዕ ብቕሊል ዘይፈርስ ዘይድፈር ይገብሩ። አብ ውሽጢ አብቶም ወተሃዳራት እውን ጻላኢ ብምስጢር ከይአቱ ይከታተሉ ናይ ነፍሲ ወከፍ አካይዳን ኩነታትን ይከታተሉ። አብ ወሽጦም ውሽጣዊ ምስጢራዊ ጉጅለ ይገብሩ እዚ ኹሉ ካብ ጻላኢ ክጥንቀቑ እዩ። ከም ወተሃደር ገሩ ዝጥንቀቕ የለን እቲ ዝገርም ዝሓየሉን ዝፍርሁን እንከለዉ ዝልዓለ ምጥንቃቕ ይገብሩ፥ እቲ ቀንዲ ምኽንያት ናይ እዚ ኩሉ ጻላኢ ዝገብሮ ስለ ዝፈልጡ እዩ። እዚ ነቲ ክርስትያናዊ ሕይወትና ክንመርሕ እንከሎና ክንጥቀመሉ እንኽእል አብነት እዩ።

እግዚአብሔር ቀዳመይቲ ትእዛዝ ንሰብ ፍጥር ምስ አበሎ ካብ ፍረ እታ ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦም ግና ዝበላዕካላ መዓልቲ ብርግጽ ክትመውት ኢኻ እሞ ካብአ አይትብላዕ (ዘፍ 2፡17)፥ እናበለ ከም ዘጠንቀቖ ከምዝሃቦ ንንብብ። እግዚአብሔር ናይ ወድሰብ ፍጥረት ድሩት ምዃኑ ስለ ዝፈለጠ አብ ምርጫ ምግብር ክጥንቀቕ ነጊርዎ፥ እዚ ኸአ ከይጋገ እሞ ከይጉዳእ ኢሉ እዩ፥ ግጉይ ምርጫ እንተ ገበረ ከም ዝመውት ነጊርዎ። ነቲ አምላኽ ዝበለና ገዲፍና ካልእ ምርጫ ክንገብር ከሎና ንመውት። ቀዳሞት ወለድና ግጉይ መርጫ ስለ ዝወሰዱ ሞት አምጺኦምልና። አብ ሕይወት ከም ምጥንቃቕ አቢሉ ዝሓይሽ ነገር የለን። ትጥንቀቕ እንተ ኾንካ ካብ ብዙሕ ነገራት ኢኻ እትድሕን፥ ነገራት ከይኮኑ ብአጋ ክተስተውዕል ክጥንቀቕ እንተ ኽአልካ አብ ሓቀኛ መስመር ክተትሕዞም ትኽእል። ምስላ ሃገርና ቀርበት ብርሑስ ቆላዓ ብንኡሱ ይብል እዚ ኸአ ንነገራት ካብ መጀመርያ ክትዕርዮም እንተ ከአልካ ቀለልቲ እዮም፥ ከይሳዕረሩ ወይ ሱር ከይተኸሉ ክትቕይሮም ክትሓድጎም ቀሊል እዩ። ምስ ሳዕረሩ ካብ ምቊጽጻር ምስ ወጹ ግን ክትዕርዮም አዝዮም ከበድቲ እዮም፥ ስለዚ ምጥንቃቕ ሓጋዚ እዩ።

ወዲሰብ ድሕሪ ውድቀት አብ ኩሉ ክጥንቀቕ ከስተውዕል ከምዘለዎ ባህሩ ይነግሮ። ሰውነትና ባህርና ዘይግዛእ ዘይምለኽ ስለ ዝኾነ ክንጥንቀቕ ክነስተውዕል አሎና። አብ ገለ እዋን ንስምዒትና ንድለታትና ጥራሕ ክንሰምዕ እንደሊ እንተ ኾና ውድቀትና ከቢድ ይኸውን። አብ ውሽጥኻ ንዝስምዓካ ዘይትምርምር ዘይተስተውዕል እንተ ኾንካ ክትወድቕ ክትጋገ ቀሊል እዩ። ንበሩ ድልዋኒክሙ ኩሉ ጊዜ ዝተሰናደኹም

ኩኑ ኢልና እዩ። ሰራቒ ዓማጺ በየነይቲ ሰዓት ከምዝመጽእ አይትፈልጡን ኢኹም እሞ ንቕሑ ይብለና። ንኹሉ ዕጡቓት ክንከውን ድላይ አምላኽ እዩ።

ጎ.ኢ.ክ. ነቶም ዝሰምዕዎ ዝነበሩ ብዛዕባ መወዳእታ ዓለም ምስ ሓተትዎ አብ ዝሃቦ መልሲ ብዙሕ ምልክታት ከም ዝመጽእ ልዕሊ ኩሉ ግን ሓሳውቲ ንብዙሓት ዘጋግዩ ከመጽኡ እዮም እሞ ተጠንቀቑ ኢልዎም። አብዛ እንነብረላ ዘሎና ዓለም ዘጋግዩ መሲሉኒ ዘብሉ ብዙሕ ነገራት ይገጥመና እዮም። ሰባት ብብዙሕ ምኽንያት አብ ጌጋ ክወድቁ ይኽእሉ። አብዛ እዋና ዘጋግዩ ንሓቂ ዘይኮነ ሓቂ ዘምስሉ እሞ ዘጋግዩ ቍጽሪ የብሎምን።

አብዚ ዓለም እቲ ዝኸፍአ ፈተና ንአምላኽ ብኻልእ ክትክእ ዝዕድም ክኸውን እንከሎ እዩ። ቀዳሞት ወለድና ሔዋንን አዳምን በቲ ፈታኒ ዝኾነ ጸላኢኦም ዝቐረበ ፈተና እቲ ተመን ድማ ነታ ሰበይቲ አይፋልኩም አምላኽ ድአ ኻብታ ኻብአ ዝበላዕኩምላ መዓልቲ ኹሉ ኸም እትፈልጡ፥ ከም አምላኽውን ከም እትኾኑ ጽቡቕን ክፉእን ከአ ኸም እትፈልጡ ስለ ዝፈለጠ እዩ አይትብልዑ ዝበለኩም እምበር ከቶ አይትሞቱን ኢኹም ኢልዋ (ዘፍ 3፡4-5)። አብዚ እቲ ፈታኒ መጀመርያ ከም ዝሰምዕዎ ገርዎም ድሕሪኡ ነቲ ብሂጉ ዝፈጠሮም አምላኽ ከም ሓሳውን ብተንኮል ከምዝፈጠሮም ወይ ዝበሎም ገሩ አቕሪብሎም፥ ካብኡ አይትፍርሑ እቲ ዝተባህለኩም ሓቂ አይኮነን ስለዚ ስምዑኒ ኢልዎም። መሳኽን ወለድና ነቲ እግዚአብሔር አምላኽ ዝበሎም ካብ ፍረ እቲ አብ ገነት ዘሎ ኦም ኵሉ ብልዑ ካብ ፍረ እታ ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦም ግና ካብአ ዝበላዕክሙላ መዓልቲ ብርግጽ ክትመውቱ ኢኹም እሞ ካብአ አይትብልዑ (ዘፍ 2፡16-17) ንዝብል ሓዲጎም ነቲ ሓሳዊ መታላሊ ሞቶም ጥፍአቶም ንዝደሊ ሰሚዖም። ሰብ ሞቱ ነቲ ጎዳኢኡ አሚኑ ክሰም ዕንከሎ እዩ። በዚ እዩ እምብአር ካብ መጀመርያ ከይስሕቱ ከይሞቱ ክጥንቀቑ ዝነገሮም።

አብ ዓለም ብዙሓት ነገራት ተካእቲ አምላኽ ኮይኖም ዘውድቑና አለዉ።

1. ገዛእ ርእስና። ሰብ ንአምላኽ ሓዲጉ አብ ክእለቱ ዓቕሙ አብ ሃብቱ ገለ ኸአ አብ ዓለቱ አሚኑ ክኸይድ እንከሎ ሞቱ ርሑቕ አይ ኮነን። ትዕቢት አንነት ናይ ሰብ እንታይነት ይቀትሉ። አነ ምስ በለ ንአምላኽን ንከምኡ ሰብን ወላ ሓንቲ ዋጋ አይህቦምን እኳድአ ይክሕዶም ይጠልም። ንገዛእ ርእሰይ ከም አምላኽ እርእያ። እዚ እቲ ዝኸፍአ ኃጢአት እዩ። ጽድቂ ሰብ ካብ ርእሱ ወጺኡ ኩሉ ዘለዎ ናይ አምላኽ ህያብ ከምዝኾነ ከለልን ክፈልጥን እንከሎ እዩ።
2. እንውንኖም ነገራት። ንነገራት ቦታ አምላኽ ነትሕዞም። ሃብትና ንብረትና ንቦታ አምላኽ ሒዞም ነምልኾም፥ ካብኦም ክንፍለ ከሎና ወይ ከም ገለ ክጠፍኡና ከለዉ ኵሉ ይሕርብተና። ነቲ ባዕልኻ ዘምጻእካዮ ተምልኾ ናቱ ግዙእ ኮንካ ኵሉ ዘሎካ መለክዒኡ በቲ ዘሎካ ነገር ይውሰን እዚ ኸአ ተምልኾ አሎኻ ማለት እዩ። ንቦታ አምላኽ ንኻልእ ተኪአዮ ከይህሉ ኢልና ንርእስና ምርአይን ምሕታትን የድልየና።
3. ንኸማና ዝበሉ ሰባት በቲ ዝገብርዎ ወይ ብዘልኦም ክእለት ነምልኾም ዝበሉና ንገብር። አብ ኣእምሮና እቲ ሰብ ከምድላዩ ይጻወተልና፥ እዚ አብ ፖሎቲካ፥ አብ ሃይማኖት፥ አብ ስፖርት፥ አብ ሙዚቃ ወይ እውን አብ ውግእ ብዘርእዩና ክእለት ዳርጋ ልዕሊ ዝኾነ ነምልኾም፥ አብኦም ዘሎና እምነት ዘይቅየር ገርና ንወስዶ።

ነዝን ካልእ ክንርኢ ከሎና ከይንስሕት ከይንወድቕ ምጥንቃቕ ከምዘድልየና ንርኢ። አብዚ ዓለም ከም ብጸላእቲ ድሕነትና ዝተኸበብና ኢና ኮና እንነብር። ባዕሉ ክርስቶስ ኩሉ ጊዜ ሓለዋን ምጥንቃቕን ከምዘድልየና ክንርዳእ አሎና። ሕይወትና ዓቐበትን ቁልቁሎትን ዘድክም ነገራት ዝመልኦ እዩ ስለ ቅ. ጳውሎስ ንፉዓት ተዋጋእቲ ኩኑ ይብለና። ቅ. ጴጥሮስ ዲያብሎስ እቲ መጻርርትኹም ዚውሕጦ ደልዩ ከም ዝንዝም አንበሳ ይዘውር አሎ እሞ ተጠንቀቑ ንቕሑ፥ አብ እምነት ጸኒዕኩም ተቓወምዎ ምኽንያቱ ነቶም አብ ምሉእ ዓለም ዘለዉ አኃዋትኩም እዚ መከራ እዚ ይበጽሖም ከም ዘሎ ትፈልጡ ኢኹም (1ጴጥ 5፥8-9) እናበለ ካብ ጸላኢና ዲያብሎስ ክንጥንቀቕ ይነግረና።

ጌጋ ምግባር ምውዳቕ ናይ ሰብ እዩ፥ ካብ ጌጋኻ ዘይምምላስ ዘይምእራም እዩ እቲ ጸገም። ኩልና አብ ሕይወት ነፍሲ ወከፍና ከም እንርእዮ መራሕቲ ኢና፥ ንርእስና ንመርሕ፥ ንስድራ ንመርሕ፥ ማኅበር ንመርሕ፥ ቤተ ክርስትያን ንመርሕ፥ ሃገር ንመርሕ ወዘተ። ሓደ ክንዝንግዖ ዘይብልና ክትመርሕ እንከሎኻ ጌጋ ኩሉ ጊዜ ከም እትገብር ምፍላጥ ምቕባል። ብርግጽ መራሒ እንተ ኾንካ ንካልኦት ጽቡቕ አብነት ክትከውን ክትመርሕ ካልኦት ከአ ግብኦም ብጽቡቕ ክገብሩ ምምራሕ እዩ፥ ሓላፍነትካ ሰባት ከም ዝሳተፉ ምግባር፥ አጸቢቖም ከም ዝሰርሑ ምግባር፥ ጌጋ ከምዝውሕድ ገርካ ምሕጋዞም ምኽንያቱ ናይ ሰባት ጌጋ አብ ዓቢ ጸገም ስለ ዘውርድ። ብጌጋ ሓደ መራሒ ዓቢ ዕንወት ክመጽእ ስለ ዝኽእል ዝኾነ አብ ዓቢ ይኹን አብ ንኡስ ሓላፍነት ዝርከብ ዕንቅፋት ከይህብ ከየጋጊ ምጥንቃቕ የድሊ። ነቶም ካባና ዝንእሱ ከይነጋግዮም ከጠንቅቐና ኢሉ ከምዚ ኢሉና፥ እቲ ንሓደ ኻብዞም ብአይ ዝአምኑ ናእሽቱ ዜስሕት ድማ አድጊ ዚጥሕኖሉ መጥሓን አብ ክሳዱ አሲሮም አብ መዓሙቕ ባሕሪ ኬጥሕልዎ ይኅሾ፥. . . . ምናዳ ነቲ ዕንቅፋት ብሰሩ ዚመጽዕ ሰብ ወይልኡ (ማቴ 18፥6-7)።

ስለምንታይ እዮም ሰባት ጌጋ ዝገብሩ? ስለምንታይ እየ አነ ዝተደጋገመ ጌጋ ዝገብር? ስለምንታይ ዘይእረም? ስለምንታይ ናይ ካልኦት ጌጋ ክርኢ ዝቐለኒ ካብ ናተይ? ከይጋገ እንታይ እግበር? ብሓፈሽ ክንርእይ ከሎና ጌጋታት ብዝከምዚ ዝስዕብ ክንርእዮም ንኽእል።

- ደይመደይ ኢልካ ዝግበር Deliberate። እቲ ሰብ ፈሊጡ ተረዲእዎ ጌጋ ይገብር ምኽንያቱ ከአ ነቲ ፍሉጥ ሳዕበን እቲ ዝገጥሞም ጌጋ ስለ ዝደልይዎ ወይ ከአ ንገዛእ ርእሶም ይዕምጹ እሞ ብሓይሊ ኸገብርዎ ይርአ። እዚ ብእምነት ክርአ እንከሎ ኃጢአት እዩ። ብገዛእ ፍቓድካ ነቲ አምላኽ ዝሃበካ ናጽነት አብ ዘይመዓላኡ ክትጥቀመሉ ከሎኻ እዩ። አብዚ አእምሮኻ ምሉእ አፍልጦ አለዎ ግን ጌጋ ምርጫ ትገብር። ከይትስሕ ኢልካ ዝኾነ ምጥንቃቕ አይትገብርን ኢኻ። ንኽፉእ ትመርጾ አብ ገለ እዋንስ ነቲ ኽፉእ ብምግባርካ ትንየተሉ፥ እዚ ዝኸፍአ እዩ አብ ቅድሚ አምላኽ።

ደይመደይ ኢልካ ዝግበር ጌጋታት ብብዙሕ ምኽንያት ክኸውን ይኽእል፡

1. ርእሰ ምጥፍፋእ (self-sabotage)፡ እዚ ብብዙሓት ዝግበር እዩ፥ እቲ ሰብ እቲ ዝገብሮ ዘሎ ከምዘይጠቅሞ ይፈልጥ እዩ ግን ካብኡ ከመይ ኢሉ ደው ከምዝብል ከመይ ኢሉ ከምዝሓድጎ አይፈልጥን እዩ። ንርእስኻ ምጥፍፋእ ዝኸበደን አብ ከቢድ ውድቀት ዘውድቕ እዩ፥ ንርእስኻ ተጠፋፍእ እንተ ኾንካ አብ ሓሶት አብ ጸልማት ከም እትነብር እዩ። ንርእሱ ዘጠፋፍእ አብ ርእሱ ክትመልሶ ቀሊል አይ ኮነን።

2. ጉድኣት ክትገብር ምድላይ (Desire to cause harm) ፡ እዚ ብብዙሓት ዝግበር ኣይኮነን። ገለ ጉድኣት ንገዛእ ርእሶም ውይ ንኣኻ፥ ንኻልኦት ወይ ንሓደ ቤት ስራሕ ከውርዱ ይደልዩ። ነቲ ብምልኡ ክትምርምሮ ኣሎካ ብዝኾነ ምኽንያት ክቅቡል ስለ ዘይኮነ። ልብና ኣእምሮና ክፉት እንተ ሓደግናዮ ዝኾነ ክፍኣት ክኣትዎ ይኽእል። ብባህርና ዝንባሌ ኃጢኣት ስለ ዘሎና ሃረርታ ንኽፍኣት ክህልወና ኣይግባእን።

- ብዘይድላይካ ዝግበር Unintentional እቲ ሰብ ነቲ ዝገብሮ ክፉእ ኣፍልጦ የብሉን ብዘይምፍላጥ ዝገብሮ እዩ፥ ወይ እውን ኣብ ሕልንኡ ኣብ ክፍኣት ዝዓለመ ኣይኮነን ግን ዝንቡዕ ሰብ እዩ፥ እዚ ኣብ ጌጋን ክፉእ ነገርን የውድቕ። እዚ ግን ኣብ ገሊኡ ካብ ሓላፍነት ነጻ ኣይገብረካን እዩ። ንኣብነት ከይፈለጥካ ንሓደ ሰብ እንተ ቐተልካ ሳዕበን ኣለዎ።
- ዝግደፍ ጌጋ Omission errors። እቲ ሰብ ሓደ ነገር ኽገብሮ ዘለዎ ይርስዕ። ከም መራሒ ጌጋ ከም ዝተገብረ ምስ ረከብካዮ መርመራ ክተካይድ ምንጩን መሰረቱን ክትፈልጦ ኣሎካ ነቲ ጸገም ክትገልጾ ምእንቲ። ዓቢ ፍታሕ ክትረክብ ትኽእል እሞ ነቲ ጸገም ክትፈትሖ እንተ ኸኣልካ ተግባራዊ ኣይ ከውንን እዩ።

- ብጌጋ ምምዛዝ Commission errors: እቲ ሰብ ነቲ ግብኡ ይገብሮ ግን ብሕማቕ ይገብሮ ከምቲ ዝግብኦ ኣይ ገብርን።

ኢየሱስ ንሰማዕቱን ነቶም ዝሓተትዎን ከይትስሕቱ ተጠንቀቑ ኢልዎም። ዘስሕቱ ዘጋግዩ ክመጽኡ እዮም ስለዚ ኩሉ ጊዜ ከይትስሕቱ ሓለዋ ከምዘድሊ ነጊርዎም። ካብቲ ዝበሎም፡

1. ንሱ ኣነ እየ ዝብሉ ክመጽኡ እዮም እሞ ተጠንቀቑ ኢልዎም። እዚ ኣብ ታሪኽ ብዙሓት ገረሞ እዮም። ኣብ ግ.ሓ. 5 ከም እነንብቦ ገማልያል ዝስሙ ፈሪሳዊ መምህር ሕጊ ቴዎዳስ ኣነ ዓቢ እየ እናበለ ከም ዝተንሥአ ብዙሓት ሰዓብቲ ከም ዝነበርዎ ከምኡ ይሁዳ ዝተባህለ ብዓል ገሊላ ከም ዝተንሥአ ንሱ እውን ብዙሓት ከም ዘስድዐ ግን ከም ዝተጥፈ ነቶም ፈሪሳውያን ከም ዝነገሮም ንርኢ። ኣነ ንሱ እየ እናበሉ በብዘመኑ ዝትንሥኡ ነሮምን ኣለዉን። ሎሚ እውን ንብዙሓት የጋግዩ ኣለዉ። ስለዚ ተጠንቀቑ።
2. ብስሙ ዝመጽኡ ክህልዉ እዮም። ቆርበት በግዕ ዝተኸድኑ ተዃሉ ይብሎም። ብውሽጦም ዚምንጥሉ ተዃሉ እዮም እሞ ኣባግዕ ተመሲሎም ካብ ዝመጹኹም ሓሰውቲ ነብያት ተጠንቀቑ (ማቴ 7፡15)፥ ብዙሓት ሓሰውቲ ነብያት ክትንሥኡ ንብዙኃትውን ኬስሕቱ እዮም ብሰንኪ ብዝኂ ኽፍኣት ከኣ ፍቕሪ ብዙኃት ክትዝሕል እያ፥ እቲ ኽሳዕ መወዳእታ ዚዕገስ ግና ንሱ ኽድኅን እዩ (ማቴ 24፡11-13)። እቲ ዝኽፍአ ዘጋጊ ብስም ኢየሱስ ስለ ዝመጽኡ እዮም። ንቦታ ኢየሱስ ይወስዱ ሽዑ ከጋግዩና ቀሊል እዩ።
3. ሓሰውቲ ነብያት ክመጽኡ እዮም። ሓደ እኳ ኸየስሕተኩም ተጠንቀቑ፥ ኣነ ክርስቶስ እየ እናበሉ ብዙኃት ብስመይ ክመጽኡ እዮም ንብዙኃት ኬስሕቱ እዮም (ማቴ 24፡4-5)። ኣብዚ ዘሎናዮ ዘመን ኣነ ነብይ እየ ዝብሉ እሞ ድለቶም ከምእትገብር ዝገብሩ እንርእዮ ዘሎና እዩ። ንብዙሓት ክጽልየልካ ከሕውየካ/ኪ እናበሉ ብስም ኢየሱስ ዝንበዩ ናይ ዘመና ፋሽን እዩ። ወንጌል ብፍሪኦም ክትፈልጥዎም ኢኹም ይብለና።
4. ኣይትሰዓብዎም። ትእዛዝ እዩ ምኽሪ ኣይኮነን። እምነት ኽጎድል እንከሎ ምስኡ ብዙሕ ነገራት እዩ ዝመጽእ። ኢየሱስ ብርእሱ ፈዋሲ ከሎና፥ ቤተ ክርስትያን ካብ ክርስቶስ ብዝተቐበለቶ ሓላፍነት እትገብረልና እንከሎ ኣብ ሰባት እሞ ባዕሎም ነብይ እየ ኢሎም ንዝነገሩና ሰሚዕና

ክንአምኖም ብሓቂ ጌጋ እዩ። ኢየሱስ አነጺሩ አይትስዓብዎም ይብለና። ክንፈልጦ ዘሎና ክፉእ እውን ይልመድ እዩ። ሓደ ነገር ተደጋጊሙ ብስም ተነግረን ተገብረን ሓቅነቱ ይረጋገጽ ማለት አይ ኮነን። ስለዚ ድሕሪ አድጊ ዝኸደ ጥራጥ አድጊ ለመደ ከይከውን ነገርና ዘይምስዓቦም።

5. አይትሰንብዱ። ምስንባድ ናይ ጎድለት እምነት ምልክት እዩ። ድሕሪ ትንሣኤ ኢየሱስ ደጋጊሙ ንሓዋርያቱ ክርአዮም እንከሎ አይትሰንብዱ አነ እየ ኢናበለ ይነግሮም ከምዝነበረ ወንጌል ይነግረና። ዓበይቲ ነገራት ኽገብሩ እውን እዮም ዋጋ አይትሃብዎም ይብል። ንኹሉ ነገር ዕጡቓት ምኺን ከም ዘድሊ ይነግረና።
6. መወዳእታ ብኡብኡ አይክኸነውንን እዩ። ብዙሓት አብ ዓለም ገለ ዓቢ ነገር ምስ ገጠመ መጨረሻ ዓለም ክኸውን እዩ ኢሎም ንብዙሓት ዘታለሉ ብዙሕት እዮም። ብዛዕባ መወዳእታ ዓለም ሓደ አምላኽ ጥራሕ እዩ ዝፈልጣ። አብዚሎ አብቲሎ እንተ በልኹም አይትስምዕዎም ይብለና።

ክርስቶስ ሎሚ እውን ንነፍሲ ወከፍና ከይትስሕቱ ተጠንቀቁ ይብለና። ስሕታን አብ ዕብዳን እዩ ዝወስድ ስለዚ ከይንዓብድ ምጥንቃቕ ምስትውዓል የድልየና። ብርግጽ እዛ እንነብራ ዓለም ክትውዳእ እያ መጀመርያ ብውልቅና ዘሎና ሕይወት ይውዳእ አብ መወዳእታ ከአ ዓለም ብምልእታ ክትውድእ እያ። ዝድለ ዘሎ አብዛ እትውዳእ ዓለም ከመይ ኢልካ ትነብር አሎኻ? ምስ አምላኽ ዝሕውሰካ ግብሪዶ ትገብር አሎኻ ወይስ ፀሃይካ ከም እንስሳ በሪቓ ትዓርበካ አላ? ብሓቂ ህድእ ኢልና እንጉዓዞ ዘሎና መገዲ ምርአይ የድልየና።

ስንቂ የድልየና አሎ። ምጥንቃቕና ከይንጋገ ከይንወድቕ ጥራሕ ዘይኮነ ንሰማይ ዝኸውን ግብሪ ወይ ስንቂ ክንገብር ይግብአና።

- ኑዛዜ ክነዘውትር ካብ ዝኾነ ኃጢአት ክነጽሕ። አብ ዝረስሐ ልቢ አምላኽ ክአቱ አይክእልን እዩ። ክልተ ጎይቶት ክነገልግል አይክአልን እዩ። ወይ ንአምላኽ ወይ ንሰይጣን ሓዲኦም ክንመርጽ አሎና። ላንጋ ላንጋ እንተ ኾንካ ካብ አፈይ ክተፍአካ እየ ይብለና ስለዚ ሎሚ ናይ መን ምኺና ክንመርጽ አሎና። ብርግጽ ምርጫና አምላኽ እዩ ክኸውን ዘለዎ ስለዚ ንሕናን ቤትናን ንአምላኽ ንምረጽ።
- ፍቕሪ ነዘውትር። ቂ ሓደ አምላኽ ብደም ክርስቶስ ዝድሓና ስለ ዝኾና አብ ነነድሕድና ዘሎ ርክብ ወሳኒ እዩ። አርድእተይ እንተኾንኩም ተፋቐሩ ይብለና። ቅ. ዮሓንስ አምላኽ ፍቕሪ እዩ ይብለና ስለዚ ክንፋቐር ትእዛዝ አምላኽ እዩ። ነሓዉ ዘየፍቅር ቀታል ነፍሱ እዩ ስለዚ ስንቅና ፍቕሪ አምላኽን ሓውናን ክኸውን ይግባእ።
- ኵሉ ጊዜ ጸሎት ንግበር። ጸሎት ዝገብር ጥራሕ እዩ ንአምላኽ ዝፈልጦ (ቅ. አጎስጢኖስ)። ምስ አምላኽ ርክብ እንተ ዘይብልና ብመንፈስ ንነቅጽ ንመውት እውን። ጸሎት ሕይወት ነፍስና ስለ ዝኾነ ጸሎት ክነዘውትር ይግባእ።